# ናይ ዕቑባ ሕቶኹም

## ሓበሬታ ብዛዕባ ሓፈሻዊ መስርሕ ዕቑባ

**እዚ ሓበሬታዊ-ጽሑፍ ንምንታይ ይወሃበኩም ኣሎ?**
ንስኹም ኣብ ኔዘርላንድ ዕቑባ ንምርካብ ኣመልኪትኩም ኣለኹም። ዕቑባ ማለት፡ ኣብ ሃገሮም ድሕነት ዘይብሎምን፣ ኣብ ሃገሮም ውሕስነት ክረኽቡ ዘይክእሉን ሰባት ኣብ ካልእ ሃገር ድሕነት ምርካብ ማለት ኢዩ።

ዕቑባ ንምርካብ ኣብ እተመልክትሉ እዋን፣ ንመንግስቲ ኔዘርላንድ ናይ መንበሪ ፍቓድ ንኽህበኩም ብወግዒ ትሓቱ ኣለኹም ማለት እዩ። ኣብ ኔዘርላንድ ንኽትነብሩ ንኽፍቐደልኩም፣ እዚ ፍቓድ የድልየኩም። ዕቑባ ድሕሪ ምምልካትኩም እቲ መስርሕ ዕቑባ ይጅመር። እዚ መንግስቲ ኔዘርላንድ ናይ መንበሪ ፍቓድ ክትቅበሉ ምኽንኩምን ዘይምኽንኩምን ዝግምግመሉ ሕጋዊ መስርሕ ኢዩ።

ኣብዚ ሓበሬታዊ-ጽሑፍ ኣብ እዋን መስርሕ ዕቑባ እንታይ ከምዘጋጥም ከተንብቡ ትኽእሉ ኢኹም። እንታይ ክትገብሩ ከም ዘለኩምን (ግዴታታትኩም)፣ ካብ መንግስቲ ኔዘርላንድ እንታይ ክትጽበዩ ከም እትኽእሉን (መሰላትኩም) እውን ከተንብቡ ትኽእሉ ኢኹም።

# ኣየኖት ውድባት የጋጥምኹም?

**Centraal Orgaan opvang asielzoekers** (COA) ነቶም ኣብ ኔዘርላንድ ዝርከቡ ዕቑባ ዝደልዩ ሰባት፣ ኣብ እዋን መስርሕ ዕቑባ፣ መዕቆቢ ቦታን ምእላይን ከምዝህሉው የረጋግጽ። COA ንስኹም መግብን፣ መድሕን ጥዕናን ከምዝህልወኩም እውን ይገብር። COA ምስ ዶክተር ኣብ ምርኻብ ክሕግዘኩም እውን ይኽእል እዩ። COA ገለልተኛ ማለት ነጻ ዝኾነ ተቕዋም እዩ፣ ከምኡ እውን ብዛዕባ እቲ ዘመልከትኩሞ ዕቑባ ኣይውስንን እዩ።
www.coa.nl

**GezondheidsZorg Asielzoekers** (GZA) ክትሓሙ እንከለኹም ወይ ሕክምናዊ ሕቶታት ምስዝህልወኩም እትኸድዎ ውድብ እዩ። ኣብ ነፍስወከፍ መዕቆቢ ቦታ ናይ COA ወይ ኣብ ጥቓኡ፣ ሓደ ማእከል ክንክን ጥዕና ሓተትቲ-ዑቑባ GZA ኣሎ። GZA፣ ምስ ተሓጋጋዚ ሓኪም፣ ምስ ኣላዪት ሕሙማት፣ ምስ ምክትል ዶክተር፣ ምስ ክንክን ኣእምሮኣዊ ጥዕና (GGZ)፣ ወይ ምስ ሓፈሻዊ ክኢላ ሕክምና ቆጸራታት የዋድደልኩም።
www.gzasielzoekers.nl

**VluchtelingenWerk Nederland** (VWN) ገለልተኛ ማለት ነጻ ናይ ሰብኣዊ መሰላት ውድብ እዩ፣ ከምኡ እውን ንረብሓታት ናይ ሓተትቲ ዕቑባ ንምርግጋጽ ዝቜመ እዩ። VWN ነዚ መስርሕ ኣብ እተካይድሉ እዋን ብዛዕባ እቲ መስርሕ ዕቑባ ዝምልከት ብውልቂ ሓበሬታ ይህበኩምን ይሕግዘኩምን፣ ምስ ካልኦት ውድባት ጸገማት ኣብ ዘጋጥመኩም እዋን ከም መንጎኛ ይድግፈኩምን። ከምኡ እውን ኣብዚ መዳይ እዚ ምስ ጠበቓኹም ብቐረባ ይሰርሕ። VWN ብዛዕባ እቲ ዘመልከትኩሞ ዕቑባ ኣይውስንን እዩ።
www.vluchtelingenwerk.nl
www.refugeehelp.nl

**Raad voor Rechtsbijstand** (RvR) ንስኹም ባዕልኹም ክተከፍልዎ እንተድኣ ዘይትኽእሉ ኮይንኩም፣ ናይ ጠበቓ ሓገዝ ከም እትረኽቡ ይገብር። ነዚ ዝገብረልኩም ሓገዝ ብዝምልከት ድማ ቦርድ ሕጋዊ ሓገዝ (RvR) ነቲ ጠበቓ ክፍሊት ይኸፍሎ። እቲ ጠበቓ ናይ RvR ሰራሕተኛ ኣይኮነን።
እቲ ጠበቓ ኣብ መስርሕ ዕቑባኹም ዝጣበቐልኩም ገለልተኛ ወሃቢ ሕጋዊ ኣገልግሎት እዩ።
www.rvr.org

**Immigratie- en Naturalisatiedienst** (IND) ክፋል ናይ ሚኒስትሪ ፍትሕን ጸጥታን እዩ። IND፣ ንስኹም ኣብ ኔዘርላንድ ዕቑባ ንኽትረኽቡ መሰል ዘለኩም ምኻኑን ዘይምኻኑን ይምርምር። ስለዚ ብዛዕባ መንነትኩም ብዝምልከት ምስ ሰራሕተኛታቱ ዝርርባት ኣለዉኹም። ከምኡ እውን ንምንታይ ኣብ ኔዘርላንድ ዕቕባ ከምዘመልከትኩም እውን። IND፣ ንውልቃዊ ታሪኽኩምን፣ ነቲ ኣብቲ መበቆል ሃገርኩም ዘሎ ኩነታትን ይምርምር። ብድሕሪኡ IND፣ ንስኹም ኣብ ኔዘርላንድ (ንግዜኡ) ክትጸንሑ ዝፍቐደልኩም ምኻኑን ዘይምኻኑን ይውስን።
www.ind.nl

ኣብ ህንጻታት ናይ IND፣ ከምኡ እውን ኣብ መዕቆቢ ማእከላት ናይ COA **ሓለውቲ ጸጥታ** ኣለዉ እዮም። ብዝለብስዎ መለለዪ ክዳን ማለት ዩኒፎርም ከተለልይዎም ትኽእሉ ኢኹም። ንሳቶም ንድሕንነትኩም እዮም ኣብኡ ዘለዉ። ኣብቲ ህንጻታትን ቀጽሪታትን ናይ INDን COAን እንታይ ከምዝፍቀድን ከምዘይፍቀድን ክትሓትዎም እውን ትኽእሉ ኢኹም። እዚኦም ሓለውቲ ጸጥታ ኣብቲ ብዛዕባ እቲ ዘመልከትኩሞ ዑቑባ ብዝምልከት ዝውሰድ ውሳኔ ዋላ ሓንቲ ጽልዋ የብሎምን።

**Dienst Terugkeer en Vertrek** (DT&V) ክፋል ናይ ኔዘርላንድ ሚኒስትሪ ፍትሕን ጸጥታን ኮይኑ፣ ንናይ ኔዘርላንድ ናይ ምምላስ ፖሊሲ ንምፍጻም ሓላፍነት ኣለዎ። እንተድኣ እቲ ዘመልከትኩሞ ዕቑባ ብIND ተነጺጉ፣ DT&V ብዛዕባ ናብ መበቆል ሃገርኩም ምምላስ ዝምልከት ዝርርብ ምሳኹም ከካይድ እዩ።
www.dienstterugkeerenvertrek.nl

**Internationale Organisatie voor Migratie** (IOM) ኣብ ምሉእ ዓለም ንዝርከቡ ስደተኛታት ዝሕግዝ ገለልተኛ ውድብ እዩ። ባዕልኹም ንኔዘርላንድ ሓዲግኩሞ ክትከዱ ምስ እትደልዩ፣ IOM ክሕግዘኩም ይኽእል እዩ። IOM ብዛዕባ ምምላስን ዳግመ-ውህደትን ብዝምልከት ተግባራዊ ሓበሬታ ይህበኩምን፣ ከምኡ እውን ካብ ኔዘርላንድ ናይ ምብጋስ ጉዕዞኹም ኣብ ምውዳድ ይመርሓኩምን። ብዛዕባ እዚ ንኽሕግዘኩም ብቐጥታ ምስ IOM፣ DT&V፣ VWN ወይ ጠበቓኹም ርክብ ክትገብሩ ትኽእሉ ኢኹም።
www.iom-nederland.nl

Nidos፣ ብመሰረት ሲቪላዊ ሕጊ ኔዘርላንድ ብዘይ መሰነይታ ንበይኖም ንዝመጽኡ ትሕቲ ዕድመ ወጻእተኛታት ሞግዚትነት ዝፍጽም ወግዓዊ ተቐዋም እዩ። Nidos፣ ንምዕባለ ናይ ቆልዓን መንእሰይን ናብ ርእሰ-ምኽኣል ንምቕናዕ ምርሒት ይፍጽም፣ እዚ ምዕባለ ደው ክብል ተኽእሎ ኣብ ዝህልወሉ እዋን ድማ ጣልቃ ይኣቱው። ሰብ-ሞያ ናይ NIDOS ብንጥፈት ዝሳተፉን፣ ንባህላዊ ድሕረ-ባይታ ብምኽባር ንረብሓ ናይ ውልቀ ቆልዓን መንእሰይን ብኣተኩሮ ዝጽዕቱን እዮም። Nidos፣ ኣብ ስድራ-ቤት ዘሎ ኣተዓባብያ ጽኑዕ ብዘይምኻዱ ካብ COA መዕቆቢ ንዝረኽቡ ሓተትቲ ዕቑባ ቆልዑት ብዝምልከት፣ ኣብ ትሕቲ ምክትታል ናይ ምእታው ትእዛዝ እውን ይፍጽም እዩ። ኣብ ከምኡ ኩነታት ድማ Nidos ነቶም ወለዲ ነቲ ናይ ኣተዓባብያ ኩነት ዳግም ናብ ንቡር ንምምላስ ይድግፎም።
www.nidos.nl

**Dienst Justitiële Inrichtingen** (DJI) ክፋል ናይ ኔዘርላንድ ሚኒስትሪ ፍትሕን ጸጥታን እዩ። ኣብ ናይ ወጻእተኛታት ቤት-ማሕቡስ ዘለኹም ምስ እትኾኑ፣ ኣብ ሓደ ዕጹው ህንጻ ትጸንሑ። DJI ድማ ነዚ ህንጻ የመሓድሮ። ሰራሕተኛታት ናይ DJI መለይ ክዳን ማለት ዩኒፎርም ይለብሱ እዮም። ኣብቲ ዕጹው ህንጻ ኣብ እትጸንሕሉ እዋን፣ ንሳቶም ይከናኸንኹምን ይመርሕኹምን።
www.dji.nl

## ካባኹም እንታይ ትጽቢት ይግበር?

ኣብ እዋን እቲ መስርሕ ንምንታይ ኣብ ኔዘርላንድ ዕቑባ ከም ዘድልየኩም ብንጹር ክትገልጹ ኣገዳሲ እዩ። ከምኡ እውን ንኹሎም እቶም ዘለዉኹም ወይ ክትረኽብዎም እትኽእሉ መርትዖታት (ከም በዓል ሰነዳትኩም ወይ ንኣብነት ንታሪኽኩም ዝድግፉ ደብዳቤታት ዝኣመሰሉ) ንIND ንኸተርእይዎ ካባኹም ትጽቢት ይግበር።

ቅድሚ ናይ ምዝገባ ቃለ-መሕትት ምግባርኩም፣ ብዛዕባ ምልኣኽ ሰነዳት ዝምልከት ሓበሬታዊ-ጽሑፍ ካብ IND ተቐቢልኩም ኣለኹም። ድሕሪ እቲ ናይ ምዝገባ ቃለ-መሕትት ምግባርኩም፣ ነቲ ዘመልከትኩሞ ዕቑባ ኣገዳስቲ ዝኾኑ ሰነዳት ተቐቢልኩም ዲኹም? ነዚኦም ብኸመይ ንIND ክትህብዎ ከም እትኽእሉ ኣብቲ ሓበሬታዊ-ጽሑፍ ተጠቒሱ ኣሎ።

ኣብ ውልቃዊ ኩነትኩም IND ኣብ ግምት ከእትዎ ዘለዎ ነገር ኣሎ ድዩ? ስለዚ ብዛዕብኡ ናብ VluchtelingenWerk (VWN) ወይ IND ክትሕብሩ ትኽእሉ ኢኹም።
ሽዑ IND ስጉምቲታት ክወስድ ይኽእል እዩ፣ ንኣብነት ኣብ እዋን ዝርርባት ወይ ኣብ መዕቆቢ ቦታ ናይ COA።
COA ብዝተኻእሎ መጠን ብግቡእ ክድግፈኩም ይፍትን እዩ።

## ናይ መስርሕ ዕቑባኹም ቅድመ-ምድላው ምግባር?

ኣብ እዋን ናይ ዕረፍትን ምድላውን ግዜ (RVT) ኣብ ማእከል መዕቆቢ ናይ COA ኢኹም እትነብሩ።

ኣብ ናይ ዕረፍትን ምድላውን ግዜ፣ ብዛዕባ ምኽንያታት ሕቶ ዕቑባኹም ክትነግሩ ትኽእሉ ምዃንኩምን ዘይምዃንኩምን ንምግምጋም መብዛሕትኡ ግዜ ሕክምናዊ መርመራ ይግበረልኩም እዩ። ኣብ እዋን ናይ ዕረፍትን ምድላውን ግዜ፣ ብዛዕባ መስርሕ ዕቑባ ብዝምልከት ካብ VluchtelingenWerk (VWN) መብርሂ ክወሃበኩም እዩ። VWN፣ ኣብዚ መስርሕ ዕቑባ ይሕግዘኩምን ይመርሓኩምን እዩ። እዚ ሓገዝ እዚ ብናጻ እዩ ዝወሃብ። መስርሕ ዕቑባኹም ቅድሚ ምጅማርኩም፣ ምስ ጠበቓኹም ክትላለዩ ኢኹም። እቲ ጠበቓኹም ነቶም ብዛዕባ ዕቑባ ዝምልከቱ ሕግታትን መምርሒታትን ይፈልጦም እዩ። ከምኡ እውን ተወሳኺ ቃለ-መሕትት ኣብ ምድላው ይሕግዘኩም። እዚ ምስ IND እትገብርዎ ዝርርብ ኮይኑ፣ ንምንታይ ዕቑባ ተመልክቱ ከምዘለኹም እትነግሩሉ እዩ። እቲ ካብ ጠበቓኹም እትረኽብዎ ሓገዝ መብዛሕትኡ ግዜ ብነጻ እዩ።

እንተድኣ ዕድመኦም 15 ወይ ካብኡ ንላዕሊ ዝኾኑ ቆልዑት ኣለዉኹም ኮይኖም፣ ንሳቶም እውን ናይ ገዛእ-ርእሶም ተወሳኺ ቃለ-መሕትት ክህልዎም እዩ። ዕድመኦም ኣብ ሞንጎ 12ን 15ን ዓመት ኮይኑ፣ ዕቑባ ንምርካብ ዝሓትሉ ናይ ገዛእ-ርእሶም ምኽንያታት ዘለዎም ቆልዑት ኣለዉኹም ድዮም? ስለዚ እንተድኣ ዝደልዩ ኮይኖም ንሳቶም እውን ምስ IND ተወሳኺ ቃለ-መሕትት ክገብሩ ይኽእሉ እዮም። ብዛዕባ እዚ ንጠበቓኹም ክትሕብርዎ ትኽእሉ ኢኹም።

## መስርሕ ዕቑባ መዓልቲ ብመዓልቲ

ምስ IND ቆጸራ ኣብ ዘለኩም መዓልቲ፣ ናብ ቤት-ጽሕፈት ናይ IND ትኸዱ። ኣብዚ እቲ ሓፈሻዊ መስርሕ ዕቑባ (AA) ይጅምር። ሓፈሻዊ መስርሕ ዕቑባ (AA) መብዛሕትኡ ግዜ 6 መዓልታት እዩ ዝወስድ። ካልእ ነዊሕ ግዜ ዝወስድ ሓፈሻዊ መስርሕ ዕቑባ (AA+) እውን ኣሎ፣ እዚ መብዛሕትኡ ግዜ 9 መዓልታት ይወስድ። ሓፈሻዊ መስርሕ ዕቑባ (AA+)፣ IND ዝነውሐ ተወሳኺ ቃለ-መሕትት ክህሉው ትጽቢት ንዝገብረሎም ወይ ዝያዳ መርመራ ክገብረሎም ንዘለዎ ናይ ዕቑባ ሕቶታት ዝዓለመ እዩ። ከምኡ እውን ነቶም ብሰንኪ ኣእምሮኣዊ ወይ ኣካላዊ ጸገማት፣ ዝያዳ ቼላሕታ ዘድልዮም ሓተቲ ዕቑባ ዝዓለመ እውን እዩ። IND፣ ድሕሪ እቲ ናይ ዕረፍትን ምድላውን ግዜ (RVT)፣ ንስኹም ናብ ሓፈሻዊ መስርሕ ዕቑባ (AA) ዲኹም ወይስ ናብ ሓፈሻዊ መስርሕ ዕቑባ (AA+) ትኸዱ ይውስን።

ኣብ እዋን እቲ ናይ ዕቑባ መስርሕ፣ ልክዕ ኣብቲ ኣብ እዋን ምድላው ናይቲ መስርሕ ኣብ ዝነበርክምሉ መዕቆቢ ቦታ ክትጸንሑ ትኽእሉ ኢኹም። ሓደ ሓደ ግዜ ድሕሪ ናይ ዕረፍትን ምድላውን ግዜ (RVT)፣ ኣብ ጥቓ ቤት-ጽሕፈት IND ናብ ዝርከብ መዕቆቢ ቦታ ትግዕዙ ኢኹም። ምስ IND ዝርርባት ኣብ ዝህልወኩም እዋን ናብ ቤት-ጽሕፈት ናይ IND ክትውሰዱ ኢኹም፣ ብዘይካ እቲ ርሕቐት ሓጺር ብምዃኑ ብእግርኹም ክትከዱ ትኽእሉ ምስትኾኑ። ኣብዚ ታሕቲ እቲ መስርሕ ዕቑባ መዓልቲ ብመዓልቲ ብኸመይ ከምዝካየድ ከተንብቡ ትኽእሉ ኢኹም።

*ሓፈሻዊ መስርሕ ዕቑባ (AA)*

**1ይ መዓልቲ: ተወሳኺ ቃለ-መሕትት**
ተወሳኺ ቃለ-መሕትት ምስ ሓደ ካብ ሰራሕተኛታት ናይ IND ዝህልወኩም ዝርርብ እዩ። ኣብዚ ዝርርብ እዚ ዕቑባ ንምርካብ ዘመልከትኩምሉ ምኽንያታት ብዝርዝር ክትነግሩ ትኽእሉ። ኣብ እዋን እቲ ዝርርብ እውን IND ሕቶታት ክሓተኩም እዩ። እንተድኣ ትደልዩ ኮይንኩም፣ VWN ኣብቲ ዝርርብ ምሳኹም ንክኸውን ክትሓትዎ ትኽእሉ ኢኹም። ነዚ ብመንገዲ ብጠበቓኹም እውን ከተዋድድዎ ትኽእሉ ኢኹም።

ኣብቲ ተወሳኺ ቃለ-መሕትት ኣተርጓሚ ኣሎ። IND ሕቶታት ብቋንቋ ኔዘርላንድ ይሓትት። እቲ ኣተርጓሚ ነዚኦም ሕቶታት፣ ናብቲ ንዓኹም ዝርድኣኩም ቋንቋ ይትርጉመልኩም። እቲ ኣተርጓሚ ንመልሲታትኩም ናብ ቋንቋ ኔዘርላንድ ይትርጉሞም። እቲ ኣተርጓሚ ገለልተኛ እዩ፣ ኣብ IND ዝሰርሕ ኣይኮነን፣ ከምኡ እውን ኣብቲ ብዛዕባ እቲ ዘመልከትኩሞ ዑቕባ ዝውሰድ ውሳኔ ዋላ ሓንቲ ጽልዋ የብሉን። ኣገዳሲ፡ ንስኹምን እቲ ኣተርጓሚን ብጽቡቕ ክትረዳድኡ ዘይትኽእሉ እንተድኣ ኮይንኩም፣ ብዛዕባ እዚ ብቐጥታ ሓብሩ። ስለዚ IND ካልእ ኣተርጓሚ ከዋድድ ክፍትን እዩ። ንስኹም እቲ ሕቶ ብግቡእ ስለዘይተረዳእኩሞ፣ ዘይምርድዳእ ከይፍጠር ኣገዳሲ እዩ። እቲ ሰራሕተኛ ናይ IND ናይቲ ተወሳኺ ቃለ-መሕትት ጸብጻብ ከዳልው እዩ። ዕቑባ ንምርካብ ምስ መጻምድትኹም (በዓል ሓዳርኩም/ክን) ብሓባር ዲኹም ኣመልኪትኩም? ስለዚ ንክልተኹም ምስ ሰራሕተኛ ናይ IND ነንበይንኹም ዝርርብ ክህልወኩም እዩ።

ኣብዚ ድሕነት ከምዘድልየኩም ዘነጽሩ ኩሎም ነገራት ክትነግሩ ኣገዳሲ እዩ። ብዛዕባ እቲ ዘጋጠመኩም ነገራትን፣ ኣብ መበቆል ሃገርኩም ድሕነት ክትረኽቡ ዘይከኣልክምሉ ምኽንያታት እንታይ ምኺኖምን ብዝምልከት፣ ቅኑዕ፣ ምሉእን ንጹርን ኩኑ። እንተድኣ ንዝተወሰነ ፍጻመ ብልክዕ ክትዝክርዎ ዘይትኽእሉ ኮይንኩም፣ ብዛዕባ እዚ ንIND ንገሩ። ሰራሕተኛታት ናይ IND ብዛዕባ እቲ ኣብ ሃገርኩም ዘሎ ሓፈሻዊ ኩነታት ይፈልጥዎ እዮም። ብዛዕባ ናይ ባዕልኹም ኩነታት ክትዛረቡ ኣገዳሲ እዩ፡ ስለምንታይ እዩ ውልቃዊ ድሕነት/ዕቑባ ዘድልየኩም ዘሎ? ብዝተኻእለኩም መጠን ብዙሕ ምስኡ ምትእስሳር ዘለዎም ብዝርዝር ንገሩ። ምስቲ ዕቑባ ንምርካብ እተመልክትሉ ዘለኹም ምኽንያት ዝተሓሓዙ በሰላታት፣ ኣካላዊ ወይ ኣእምሮኣዊ መጉዳእቲታት ኣለኩም ድዩ? ስለዚ ብዛዕባ እዚ ንIND ክትነግሩ ኣገዳሲ እዩ። ስለዚ IND ነቲ ኣመልኪትኩሞ ዘለኹም ዕቑባ ንምግምጋም ሓጋዚ ኮይኑ እንተረኺብዎ፣ ሕክምናዊ መርመራ ንኽቕርበልኩም ክውስን ይኽእል እዩ። ከምዚ ዝኣመሰለ ሕክምናዊ መርመራ ባዕልኹም ብናትኩም ወጻኢታት እውን ክትገብሩ ትኽእሉ ኢኹም።
ኣብዚ ዝርርብ እውን ኣተርጓሚ ኣሎ። ጸብጻብ ናይቲ ተወሳኺ ቃለ-መሕትት ካብ IND ወይ ካብ ጠበቓኹም ክትቕበሉ ኢኹም።

**2ይ መዓልቲ: ምይይጥ ብዛዕባ ተወሳኺ ቃለ-መሕትት**
ጠበቓኹም ነቲ ጸብጻብ ናይ ተወሳኺ ቃለ-መሕትት ምሳኹም ክመያየጠሉ እዩ። ኣብዚ ዝርርብ እውን፣ ኣተርጓሚ ንኹሉ እቲ ንስኹምን ጠበቓኹምን እትብልዎ ብምትርጓም ይሕግዝ። እንተድኣ ዝኾነ ነገር ካብዚ ጸብጻብ ጎዲሉ ወይ ብትኽክል ዘይተጻሕፈ ኣሎ ኮይኑ፣ ጠበቓኹም ብዛዕባ እዚ ንIND ብደብዳቤ ይሕብር።

**3ይ መዓልቲ: ቀዳማይ ውሳኔ**
IND፣ ናይ ዕቑባ መንበሪ ፍቓድ ንምርካብ ነቲኦም ቅድመ-ኩነታት ተማልኡ ምኺንኩምን ዘይምኺንኩምን ይግምግም። ውጽኢት ናይዚ ግምገማ፣ ናይ ዕቑባ መስርሕኩም ብኸመይ ከምዝቕጽል ይውስን። 3 ተኽእሎታት ኣለዉ፡

1. ናይ ዕቑባ መንበሪ ፍቓድ ንምርካብ፣ ነቲኦም ቅድመ-ኩነታት ተማልኡ ኢኹም። እቲ ዘመልከትኩሞ ዕቑባ ተቐባልነት ከምዝረኸበ ዝገልጽ ደብዳቤ ካብ IND (ብመንገዲ ጠበቓኹም) ትቕበሉ። ንዓኹም ኣብ ኔዘርላንድ (ንግዜኡ) ክትነብሩ ይፍቐደልኩም። እዚ ንዓኹም እንታይ ሳዕቤናት ከምዘለዎ ጠበቓኹም ክገልጸልኩም እዩ።
2. IND ንመርመራ ዝኸውን ተወሳኺ ግዜ የድልዮ፣ ከምኡ እውን ብዛዕባ እቲ ዕቑባ ንምርካብ ዘቕረብኩሞ ሕቶ ኣብ ውሽጢ 6 መዓልታት (ወይ 9 መዓልታት ኣብ ሓፈሻዊ መስርሕ ዕቑባ AA+) ክውስን ኣይክእልን እዩ። IND ነቲ ዕቑባ ንምርካብ ዘቕረብኩሞ ሕቶ ኣብቲ ዝተናውሐ መስርሕ ዕቑባ (VA) የመስርሖ። ውሳኔ ናይቲ ዘመልከትኩሞ ዕቑባ ድሒሩ ይስዕብ። ብዛዕባ እዚ ዝተናውሐ መስርሕ ዕቑባ (VA) ዝገልጽ ካልእ ሓበሬታዊ-ጽሑፍ ትወሃቡ።
3. IND፣ ንስኹም ናይ ዕቑባ መንበሪ ፍቓድ ንምርካብ ነቲኦም ቅድመ-ኩነታት ከምዘይተማልኡ ገምጊሙ። ንስኹም ካብ IND (ብመንገዲ ጠበቓኹም)፣ IND ነቲ ዘመልከትኩሞ ዕቑባ ንኽነጽጎ መደብ ከምዘለዎ ዝገልጽ ደብዳቤ ትቕበሉ። እዚ ደብዳቤ ዝተሓስበ-ውሳኔ ይበሃል። ኣብዚ ደብዳቤ ምኽንያታት ናይቲ ምንጻግን፣

እዚ ንዓኹም እንታይ ሳዕቤናት ከምዘለዎን እውን ተጠቒሱ ይርከብ። ጠበቓኹም ብዛዕባ እዚ ደብዳቤ ምሳኹም ክመያየጡሉ እዮም።

**4ይ መዓልቲ፡ ግብረ-መልሲ ናይ ውሳኔ፡ ርእይቶ**

እንተድኣ IND ነቲ ዘመልከትኩሞ ዕቑባ ንኽነጽጎ መደብ ኣለዎ ኮይኑ፣ ብዛዕባ እዚ ዝተሓሰበ-ውሳኔ ምስ ጠበቓኹም ትዘራረብሉ። ብድሕሪኡ ጠበቓኹም ብጽሑፍ ርእይቶ ናብ IND ክልእኽ ይኽእል እዩ። እዚ ንስኹም ምስ ጠበቓኹም ብሓባር ብምኳን፣ ብዛዕባ እቲ ክውሰድ ዝተሓስበ ውሳኔ ናይ IND ወግዓዊ መልሲ እትህብሉ ደብዳቤ እዩ። ኣብዚ ደብዳቤ ንምንታይ ምስቲ ክውሰድ ዝተሓስበ ውሳኔ ዘይተሰማምዑ ምዃንኩም ክትነግሩ ትኽእሉ።

**5ይን 6ይን መዓልቲ፡ ውሳኔ**

ናትኩም ርእይቶ ድሕሪ ምንባብ፣ IND ነቲ ክውሰድ ዝተሓስበ ውሳኔ ከስተኻኽሎ ዘለዎ ምዃኑን ዘይምዃኑን ይግምግም። ውጽኢት ናይዚ ግምገማ፣ ናይ ዕቑባ መስርሕኹም ብኸመይ ከምዝቕጽል እንደገና ይውስን። IND ውጽኢት ናይዚ ገምጋም ዝሕብረሉ ደብዳቤ (ብመንገዲ ጠበቓኹም) ክትቕበሉ ኢኹም። እዚ ንዓኹም እንታይ ሳዕቤናት ከምዘለዎ ጠበቓኹም ክገልጸልኩም እዩ። 3 ተኽእሎታት ኣለዉ፡

1. ነቲ ናትኩም ርእይቶ ድሕሪ ምንባብ፣ IND ንስኹም ናይ ዕቑባ መንበሪ ፍቓድ ንምርካብ ነቲኦም ቅድመ-ኩነታት ከም እተማልኡ ክግምግም ይኽእል። ንስኹም (ብመንገዲ ጠበቓኹም) ናይ ዕቑባ ሕቶኹም ተቐባልነት ከምዝረኸበ ዝገልጽ ደብዳቤ ካብ IND (= ውሳኔ) ትቕበሉ። ንዓኹም ኣብ ኔዘርላንድ (ንግዜኡ) ክትነብሩ ይፍቐደልኩም። እዚ ንዓኹም እንታይ ሳዕቤናት ከምዘለዎ ጠበቓኹም ክገልጸልኩም እዩ።
2. IND ንመርመራ ዝኸውን ተወሳኺ ግዜ የድልዮ፣ ከምኡ እውን ብዛዕባ እቲ ዕቑባ ንምርካብ ዘቕረብኩሞ ሕቶ ኣብ ውሽጢ 6 መዓልታት (ወይ 9 መዓልታት ኣብ ሓፈሻዊ መስርሕ ዕቑባ AA+) ክውስን ኣይክእልን እዩ። IND፣ ነቲ ዕቑባ ንምርካብ ዘቕረብኩሞ ሕቶ ኣብቲ ዝተናውሐ መስርሕ ዕቑባ (VA) የመስርሖ። ብዛዕባ እዚ ዝተናውሐ መስርሕ ዕቑባ (VA) ዝገልጽ ካልእ ሓበሬታዊ-ጽሑፍ ትወሃቡ።
3. IND፣ ንስኹም ናይ ዕቑባ መንበሪ ፍቓድ ንምርካብ ነቲኦም ቅድመ-ኩነታት ከምዘይተማልኡ ኣብ ርእይቶኡ ክጸንዕ ይኽእል። ንስኹም (ብመንገዲ ጠበቓኹም) ናይ ዕቑባ ሕቶኹም ከምዝተነጽገ ዝገልጽ ደብዳቤ ካብ IND (= ውሳኔ) ትቕበሉ። ኣብዚ ውሳኔ ምኽንያታት ናይዚ ምንጻግ፣ እዚ ንዓኹም እንታይ ሳዕቤናት ከምዘለዎን እውን ተጠቒሱ ይርከብ። ንስኹም ንኣብነት ኣብ ኔዘርላንድ ምንባር ክትቕጽሉ ኣይፍቐደልኩምን፣ ከምኡ እውን ናብ ሃገርኩም ክትምለሱ ኣለኩም። ምስቲ ምንጻግ ዘይትሰማምዑ እንተድኣ ኮይንኩም እንታይ ክትገብሩ ከም እትኽእሉ እውን ኣብኡ ተጠቒሱ ይርከብ። ናብ ሃገርኩም ንምምላስ እንታይ ክትገብሩ ከም እትኽእሉ እውን ተጠቒሱ ይርከብ። ጠበቓኹም ብዛዕባ እቲ ውሳኔ ብዝምልከት ምሳኹም ይዘራረበሉ።

*ሓፈሻዊ መስርሕ ዕቑባ 9 መዓልታት (AA+)*

IND ነቲ ዘመልከትኩሞ ዕቑባ ኣብ ሓፈሻዊ መስርሕ ዕቑባ (AA+) ድዩ ዘመስርሖ? ስለዚ እቲ ናይ ዕቑባ መስርሕኹም መብዛሕትኡ ግዜ 9 መዓልታት ይወስድ።

- 1ይን 2ይን መዓልቲ: ተወሳኺ ቃለ-መሕትት፤
- 3ይን 4ይን መዓልቲ: ዝርርብ ብዛዕባ ተወሳኺ ቃለ-መሕትት ምስ ጠበቓኹም፤
- 5ይ መዓልቲ: ቀዳማይ ውሳኔ፤
- 6ይን 7ይን መዓልቲ: ግብረ-መልሲ ናይ ውሳኔ (ርእይቶ) ብጠበቓ፤
- 8ይን 9ይን መዓልቲ: ካልኣይ ውሳኔ።

# ምስሓብ መመልከቲኹም

ኣብ ዝደለኽሞ እዋን ነቲ መመልከቲኹም ክትስሕብዎ ትኽእሉ ኢኹም። ኣብ ከምኡ ኩነታት ምስ ጠበቓ ወይ ምስ IND ርክብ ክትገብሩ ተመራጺ እዩ። ነቲ መመልከቲኹም ካብ IND ሲሒብኩም ኣለኹም ዲኹም? ስለዚ ድሕሪ

ደጊም ኣብ ኔዘርላንድ ንኽትነብሩ ኣይፍቐደልኩምን እዩ። ብዘይካ ብኻልእ ምኽንያት ኣብዚ ንኽትህልዉ ዝፍቐደልኩም እንተኾይኑ። ከምኡ እውን ድሕሪ ደጊም ናይ መዕቆቢ መሰል የብልኩምን። ነቲ ናይ ዕቑባ መመልከቲኹም ስሒብኩሞ ኣለኹም ዲኹም? ንምእታው ናይ ጉዕዞ እገዳ ክግበረልኩም ይኽእል እዩ። ከም ውጽኢቱ ድማ ናብ ሕብረት ኤውሮጳ (EU)፣ ኖርወይ፣ ኣይስላንድ፣ ሊክተንሽታይንን ስዊዘርላንድን ንዝተወሰነ ግዜ ንኽትጎዓዙን ኣብኡ ንኽትህልዉን ኣይፍቀደልኩምን እዩ። መመልከቲኹም ድሕሪ ምስሓብኩም፣ ከምብሓድሽ እንደገና ካልኣይ መመልከቲ ከተእትዉ ትኽእሉ ኢኹም። ዋላ ንምእታው ናይ ጉዕዞ እገዳ እውን እንተሃለወኩም።

## ድሕሪ መስርሕ ዕቑባ

ድሕሪ ሓፈሻዊ መስርሕ ዕቑባ (AA) ወይ ሓፈሻዊ መስርሕ ዕቑባ (AA+) ናብ ካልእ መዕቆቢ ቦታ ናይ COA ትግዕዙ።

**መንበሪ ፍቓድ ክትቅበሉ ኢኹም**
IND ብዛዕባ እቲ ዘመልከትኩሞ ዕቑባ ኣዎንታዊ ውሳኔ እንተድኣ ወሲዱ፣ ኣብ ኔዘርላንድ (ንግዚኡ) ምንባር ክትቕጽሉ ትኽእሉ ኢኹም። መንበሪ ፍቓድ ይወሃበኩም፣ ንክትሰርሑ ይፍቐደልኩም፣ ከምኡ እውን ኣባላት ስድራኹም ከተምጽኡ ተኽእሎ ክህልወኩም ይኽእል። ብተወሳኺ COA ገዛ ኣብ ምድላይ ይሕግዘኩም። ኣብቲ ምስ COA እትገብርዎ ዝርርብ፣ ብዛዕባ መንበሪ ቤትኩም ዝምልከት ኣገዳሲ ሓበሬታ ይንጸር። በዚ መሰረት ምስ ሓደ ኣብ ኔዘርላንድ ዝርከብ ምምሕዳር ከተማ ከም እትጋጠሙ ድማ ይግበር። ብምቕጻል እቲ ምምሕዳር ከተማ ንዓኹም ዝሰማማዕ ገዛ ይደልየልኩም። እቲ ምምሕዳር ከተማ 1 ግዜ ጥራይ እዩ መንበሪ-ቤት ዘቕርበልኩም፣ መብዛሕትኡ ግዜ ድማ ነዚ ክትቅበልዎ ኣለኩም። ክሳብ ናይ ገዛእርእስኹም መንበሪ-ቤት ዝህልወኩም፣ ኣብ ማእከል መዕቆቢ ናይ COA ክትጸንሑ ትኽእሉ ኢኹም። ናይ ዕቑባ ሕቶኹም ቅቡል ምስ ኮነ፣ IND ብዛዕባ መሰላትኩምን ግዴታታትኩምን ክሕብረኩም እዩ። ሰራሕተኛታት ናይ VWN ድማ ምስ ሕብረተሰብ ኔዘርላንድ ንኽትወሃሃዱ ክሕግዝኹም ይኽእሉ እዮም። ኣብ ዝተፈላለዩ ውድባት መንገድኹም ንኽትረኽቡ ይሕግዝኹም። ከምኡ እውን ናብቲ ምምሕዳር ከተማ ኣብ እትግዕዝሉን፣ ስራሕ ወይ ትምህርቲ ኣብ ምድላይን ክመርሕኹም ይኽእሉ። VWN፣ ኣባላት ስድራኹም ንኽተምጽኡ እውን ክሕግዘኩም ይኽእል እዩ።

**መንበሪ ፍቓድ ኣይክትቅበሉን ኢኹም**
እንተድኣ IND ነቲ ዘመልከትኩሞ ዕቑባ ነጺግዎ፣ ኣንጻር እዚ ውሳኔ ምስ ጠበቓኹም ብምምይያጥ ናብ ናይ ኔዘርላንድ ቤት-ፍርዲ ይግባይ ክትብሉ ትኽእሉ ኢኹም። እዚ ማለት፣ ምስቲ ውሳኔ ናይ IND ዘይትሰማምዑ ምኽንኩም ብወግዒ ንቤት-ፍርዲ ትሕብሩ ማለት እዩ። ነቲ ናይ ይግባይ መስርሕ መብዛሕትኡ ግዜ ኣብ ኔዘርላንድ ኮይንኩም ክትጽበዩ ይፍቐደልኩም እዩ። እንተድኣ ዘይፍቐደልኩም ኮይኑ፣ ኣብ እዋን እቲ መስርሕ ይግባይ ኣብ ኔዘርላንድ ክትጸንሑ ዝፍቐደልኩም ምዃኑን ዘይምዃኑን ንቤት-ፍርዲ ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም። ብዛዕባ እዚ ጠበቓኹም ክሕግዘኩም እዩ። ብድሕሪኡ IND ንዝመልከትኩሞ ዕቑባ ኣብ ዝወሰነሉ ግዜ፣ ንሕጊ ኔዘርላንድ ብግቡእ ተኸቲሉ ምዃኑን ዘይምዃኑን እቲ ዳኛ ቤት-ፍርዲ ክምርምሮ እዩ።

እንተድኣ IND ነቲ ዘመልከትኩሞ ዕቑባ ነጺግዎ፣ ናብ ካልእ ማእከል መዕቆቢ ስደተኛታት ክትውሰዱ ኢኹም። ኣብዚ ቦታ እዚ ካብ ኔዘርላንድ ንኽትወጽኡ ንኽተዋድዱ፣ መብዛሕትኡ እዋን 28 መዓልቲ ግዜ ኣለኩም። እዚ ገደብ-ግዜ ምስተወድአ፣ ናይ መዕቆቢ መሰል የብልኩምን። ስለዚ ድሕሪ ደጊም ኣብ ማእከል መዕቆቢ ስደተኛታት ንኽትነብሩ ኣይፍቐደልኩምን እዩ። ድሕሪ መስርሕ ዕቑባ እውን ደገፍን ሓበሬታን ንምርካብ ናብ VWN ክትከዱ ትኽእሉ ኢኹም።

**ምምላስ**
ናብ መበቆል ሃገርኩም ንኽትምለሱ ናትኩም ሓላፍነት እዩ። Dienst Terugkeer en Vertrek DT&V ንጉዕዞኹም ኣብ ምድላው ይሕግዘኩም እዩ። ስለዚ ድማ እዩ DT&V፣ እቲ ዘመልከትኩሞ ዕቑባ ድሕሪ ምንጻጉ ምሳኹም ርክብ ዝገብር። ኣብ ውሽጢ እቲ ዝተወሰነ ግዜ ገዛእ-ርእስኹም ክኢልኩም ብወለንታኹም እንተድኣ ዘይተበገስኩም፣ DT&V ካብ ኔዘርላንድ ንኽትወጽኡ ዘገድደኩም ስጉምትታት ክወስድ ይኽእል እዩ።

ብዛዕባ ምምላስ ምስ DT&V ኣቐዲምኩም ክትዘራረቡ ትድልዩ ዲኹም? ከምኡ ምስ ዝኸውን ጠበቓኹም ወይ VWN ምስ DT&V ከራኽበኩም ይኽእል እዩ። ንስኹም ባዕልኹም እውን ናብ ilc@dtv.minvenj.nl ኢ-መይል ብምልኣኽ ምስ DT&V ክትራኸቡ ትኽእሉ ኢኹም።

እንተድኣ ብወለንታ ናብ መበቆል ሃገርኩም ክትምለሱ ደሊኹም፣ ምስ DT&V ወይ ኣህጉራዊ ማሕበር ስደተኛታት (Internationale Organisatie voor Migratie IOM) ርክብ ክትገብሩ ትኽእሉ ኢኹም። ብኸመይ ኣብ መርበባት-ሓበሬታታቶም ተጠቒሱ ይርከብ። ኣብኡ ብዛዕባ ምምላስ፣ ከምኡ እውን እንታይ ዓይነት ደገፍ (መሰረታዊ ናይ ምብጋስ ደገፍ ን/ወይ ናይ ዳግመ-ውህደት ደገፍ) ክትረኽቡ ከም እትኽእሉ እውን ሓበሬታ ከተንብቡ ትኽእሉ ኢኹም። ንሳቶም ተግባራዊ ዝኾነ ሓበሬታ ክህብኹምን ኣብ ጉዕዞኹም ክሕግዝኹምን ይኽእሉ እዮም። ኣብቲ ናይ COA መዕቆቢ ቦታ ናብ IOM ክትከዱ ትኽእሉ ኢኹም። ብዛዕባ ክህሉው ዝኽእል ምምላስን ደገፍን ሕቶታት ምስ ዝህልወኩም፣ ንVWN ወይ ካልኦት ውድባት እውን ክትረኽብዎም ትኽእሉ ኢኹም።

## ምምስራሕ ውልቃዊ ሓበሬታታት

ውልቃዊ ሓበሬታታት ብዛዕባኹም ዝምልከቱ ኩሎም ዓይነታት ሓበሬታታት እዮም። ኣብዚ ሓበሬታዊ-ጽሑፍ ዝሳተፉ ውድባት ኣብ ታሕቲ ተጠቒሶም ኣለዉ። እዚኦም ውድባት ኣብ እዋን ናትኩም ምምልካት፣ ምዝገባ ወይ ሕቶ፣ ውልቃዊ ሓበሬታታት የመስርሑ። ንሳቶም ውልቃዊ ሓበሬታታት ንኽትህቡ ይሓትኹም፣ ከምኡ እውን ኣድላይ እንተድኣ ኮይኑ ንኻልኦት ውድባት ወይ ሰባት እውን። እዚኦም ውድባት ንውልቃዊ ሓበሬታታትኩም ይጥቐምሉን ይዕቕብዎን፣ ከምኡ እውን እንተድኣ ብሕጊ ዝግደዱ ኮይኖም ናብ ካልኦት ውድባት የመሓልልፍዎ። ነቶም ውልቃዊ ሓበሬታታትኩም ዘመስርሑ ውድባት ዘለዎም ግዴታታት ብዝምልከት ኣብ ሕጋጋት ብሕትና ተጠቒሶም ኣለዉ። ንኣብነት ንሳቶም ንውልቃዊ ሓበሬታታትኩም ብትኽክልን ብውሑስን ክሕዝዎ ኣለዎም። ኣብ ሕጋጋት ብሕትና መሰላትኩም እውን ተጠቒሶም ይርከቡ። ብዛዕብኡ እንተድኣ ሓቲትኩም፣ ንኣብነት እዞም ዝስዕቡ መሰላት ኣለኩም፡

- ኣብቶም ውድባት ዘለዉ ውልቃዊ ሓበሬታታትኩም ናይ ምርኣይ፤
- ኣየኖት ውድባት ንሓበሬታታትኩም ይጥቐምሉን ንምንታይን ናይ ምፍላጥ፤
- ናብ ኣየኖት ውድባት ውልቃዊ ሓበሬታታኩም ከምዝተመሓላለፈ ናይ ምፍላጥ።

ብዛዕባ ምምስራሕ ውልቃዊ ሓበሬታታትኩምን መሰላትኩምን ብዝምልከት፣ ተወሳኺ ክትፈልጡ ትደልዩ ዲኹም? ስለዚ ኣብ መርበብ-ሓበሬታታት ናይቶም ውድባት ተመልከቱ።

## ምምልካት ዕቑባ ኣብ ቤት-ማሕቡስ ወጻእተኛታት

ኣብ ኔዘርላንድ ክትጸንሑ ኣይፍቀደልኩምን ድዩ፣ ከምኡ እውን ባዕልኹም ካብ ኔዘርላንድ ኣይትወጽኡን ዲኹም? ከምኡ ምስ ዝኸውን ኣብ ቤት-ማሕቡስ ወጻእተኛታት ክትኣትዉ ትኽእሉ ኢኹም። ቤት-ማሕቡስ ወጻእተኛታት ማለት ኣብ ዕጹው ህንጻ (መቐየዲ ቤት) ምጽናሕ ማለት እዩ። ዕላምኡ ድማ ነቶም ኣብ ኔዘርላንድ ክጸንሑ ዘይተፈቐደሎም ሰባት፣ ብግዴታ ንምምላስ ድሉዋት ንምግባር እዩ።

ኣብ ቤት-ማሕቡስ ወጻእተኛታት ዲኹም ዘለኹም፣ ከምኡ እውን ዕቑባ ሓቲትኩም ዲኹም? ወይ ዕቑባ ኣመልኪትኩም፣ ከምኡ እውን ብድሕሪኡ ናብ ቤት-ማሕቡስ ወጻእተኛታት ተወሲድኩም ዲኹም? ስለዚ እቲ ዕቑባ ንምርካብ ዘቕረብኩሞ ሕቶ ኣብ justitieel complex schiphol (JCS) ክምስራሕ እዩ። ሽዑ IND ብዛዕባ እቲ ዘመልከትኩሞ ኣብ ውሽጢ ሽዱሽተ ሰምንታት ክውስን ኣለዎ።

ንስኹም መብዛሕትኡ ግዜ ናብ ህንጻ ናይ JCS ክትውሰዱ ኢኹም። እንተኾነ ግን ኣብቲ ሕጂ ዘለኽሙሉ ቦታ እውን ክትጸንሑ ተኽእሎ ኣሎ። ናብ JCS ክትከዱ ዲኹም፣ ከምኡ እውን ንመጀመርታ ግዜ ዲኹም ዕቑባ ክትሓቱ? ስለዚ

ድሕሪ ምምጻእኩም፣ IND ሓደ ሓደ ግዜ  ቅጥዒ-ምዝገባ ኣብ ወረቐት ወይ ኣብ ኮምፒተር ንኽትመልኡ ይሓተኩም። እዚ ቅጥዒ፣ ቅጥዒ-ምዝገባ ይበሃል። IND መመልከቲ ቅጥዒ ኣብ ጥቕሚ ንኽይውዕል ክውስን ይኽእል እዩ፣ ንኣብነት ጻዕቂ ስራሕ ምስ ዝህሉው።

ብድሕሪኡ ምስ IND ዝርርብ ክህልወኩም እዩ፣ እዚ ናይ ምዝገባ ቃለ-መሕትት ይበሃል። እዚ IND ንዓኹም ሕቶታት ዝሓተሉ ኣገዳሲ ዝርርብ እዩ። ኣብ እዋን እዚ ዝርርብ፣ IND ብዛዕባ መን ምዃንኩምን ካበይ ከምዝመጻእኩም ዝምልከቱ ሓበሬታ ክረክብ ይደልይ። ከምኡ እውን ብዛዕባ ጉዕዞኹምን ንምንታይ ኣብ ኔዘርላንድ ከምዝመጻእኩምን ዝምልከት እውን። ብዛዕባ እዚኦም ዝስዕቡ ትሕተቱ፡
- መንነትኩም፣ ዜግነትኩም፣ መበቆል ሃገርኩም፣ መንበሪ ቦታኹምን ከባቢ መንበሪኹምን፤
- ስድራ-ቤት፤
- ሰነዳት፤
- ትምህርቲ፤
- ስራሕን ወተሃደራዊ ኣገልግሎትን፤
- ኣብ ካልኦት ሃገራት ምንባር፤
- ናብ ኔዘርላንድ ዝገበርኩሞ ጉዕዞ፤
- ብሓጺሩ ዕቑባ ተመልክትሉ ዘለኹም ምኽንያት፤

ቅንዕና ይሃልኹም፣ ከምኡ እውን ኩሉ ግዜ ሓቀኛ ሓበሬታታትኩም ሃቡ። ስለዚ ኣብ ናይ ሓሶት ሰነድ (ጉዕዞ) ዝርከብ ሓበሬታታት ኣይትጠቀሙ። እንተድኣ ተወሳኺ መጸውዒ ስም (= ሳጓ) ትጥቐሙ ኮይንኩም እውን ንገሩ። እንተድኣ ግጉይ ወይ ዘይተማልአ ሓበሬታ ወይ ዝርዝራት ንIND ሂብኩም፣ እዚ ኣብ ልዕሊ ውሳኔ ናይቲ ዘመልከትኩሞ ዕቑባ ኣሉታዊ ክጸልዎ ክህልዎ ይኽእል እዩ።

IND ብዛዕባ እዚ ዝርርብ ጸብጻብ (ሪፖርት) የዳሉው። ቅዳሕ ናይዚ ጸብጻብ ብመንገዲ ጠበቓኹም ክትቕበሉ ኢኹም። ብዛዕባ ሓፈሻዊ መስርሕ ዕቑባ ብዝምልከት ንምድላው ዝሕግዘኩም ጠበቓ ክምደበልኩም እዩ። ባዕልኹም እውን ጠበቓ ክትደልዩ ትኽእሉ ኢኹም። እቲ ጠበቓኹም ነቶም ብዛዕባ ዕቑባ ዝምልከቱ ሕግታትን መምርሒታትን ይፈልጦም እዩ። ከምኡ እውን እቲ ተወሳኺ ቃለ-መሕትት ማዕረ ክንደይ ኣገዳሲ ምዃኑ እውን ይፍለጥ እዩ። እዚ ምስ IND እትገብርዎ ዝርርብ ኮይኑ፣ ንምንታይ ዕቑባ ተመልክቱ ከምዘለኹም እትነግሩሉ እዩ። መብዛሕትኡ ግዜ ነቲ ጠበቓ ገንዘብ ክትከፍልዎ ኣየድልየኩምን እዩ። እዚ ቦርድ ሕጋዊ ረድኤት (RvR) ንዓኹም ይሽፍነልኩም።

ኣብ ቤት-ማሕቡስ ወጻእተኛታት፣ እቲ ሓፈሻዊ መስርሕ ዕቑባ (AA ወይ AA+) ልክዕ ከምቲ ናይቶም ኣብ ቤት-ማሕቡስ ወጻእተኛታት ዘይኣተዉ ስደተኛታት ሓደ ዓይነት እዩ። ኣብ ላዕሊ ናይዚ ሓበሬታዊ-ጽሑፍ፣ ሓፈሻዊ መስርሕ ዕቑባ AA ወይ AA+ መዓልቲ ብመዓልቲ ብኸመይ ከምዝካየድ ኣንብብዎ።

### ዝቀለለ መስርሕ ዕቑባ

ካብ ውሑስ ሃገር ዲኹም መጺእኩም፣ ዜጋ ሕብረት ኤውሮጳ ዲኹም፣ ወይ ድሮ ኣህጉራዊ ድሕነት ኣለኩም ድዩ? ስለዚ ዕቑባ ንኽይትረኽቡ ዓብይ ዕድል ኣሎ። IND ንዘመልከትኩሞ ዕቑባ ብዝቀለለን ዝቐልጠፈን መስርሕ ይርእዮ። ኣብ እዋን እዚ መስርሕ ምስ IND 1 ዝርርብ ጥራይ ይህልወኩም።  እዚ እንተድኣ ኣብ ኔዘርላንድ፣ ካልእ ኣባል ኤውሮጳዊ ሕብረት ዝኾነት ሃገር፣ ኖርወይ፣ ኣይስላንድ፣ ሊክተንሽታይን ወይ ስዊዘርላንድ ናይ ዕቑባ መንበሪ ፍቓድ ዘለኩም ምስዝኸውን እውን ተፈጻምነት ኣለዎ። IND ነቲኦም ዕቑባ ንምሕታት ዝነገርኩሞ ምኽንያታት ክግምግሞም እዩ። ከምኡ እውን ናይ ዕቑባ መንበሪ ፍቓድ ክወሃበኩም ምዃኑን ዘይምዃኑን ይውስን። ዝያዳ ሓበሬታ ንምርካብ ኣብቲ ንዝቀለለ መስርሕ ዕቑባ ዝምልከት ሓበሬታዊ-ጽሑፍ ኣንብቡ።

*ዝርዝር ውሑሳት ሃገራት*

ኣልባንያ፣ ኣርመንያ፣ ቦዝንያን ሄርዘጎቪናን፣ ብራዚል፣ ጆርጅያ፣ ጋና፣ ህንዲ፣ ጃማይካ፣ ኮሶቮ፣ ሞሮኮ፣ ሞንጎልያ፣ ሞንተነግሮ፣ ሰሜን መቄዶንያ፣ ሰኔጋል፣ ሰርብያ፣ ትሪኒዳድን ቶባጎን፣ ቱኒዝያ፣ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ።

እዚ ዝርዝር እዚ ክቕየር ይኽእል እዩ፣ ሃገራት ክውሰኻ ወይ ክጎድላ ይኽእላ እየን። እዚ ኣብታ ሃገር ዝርከብ ውሕስነት ዝምርኮስ እዩ። እቲ ኣብ ዝቐረበ ግዜ ዝወጸ ዝርዝር ናይ ውሑሳት ዝኾና ሃገራት፣ ኣብ መርበብ-ሓበሬታ ናይ መንግስቲ ኔዘርላንድ ይርከብ: www.rijksoverheid.nl

**ድሕሪ መስርሕ ዕቑባ**
IND ነቲ ዘመልከትኩሞ ዕቑባ ነጺግዎ ድዩ? ስለዚ ምስ ጠበቓኹም ብምምይያጥ፣ ኣንጻር እዚ ውሳኔ ኣብ ናይ ኔዘርላንድ ቤት-ፍርዲ ይግባይ ክትብሉ ትኽእሉ ኢኹም። እዚ ማለት፣ ምስቲ ውሳኔ ናይ IND ዘይትሰማምዑ ምኽንኩም ብወግዒ ንቤት-ፍርዲ ትሕብሩ ማለት እዩ።
ኣብ እዋን እቲ መስርሕ ይግባይ ኣብ ኔዘርላንድ ክትጸንሑ ዝፍቐደልኩም ምዃኑን ዘይምዃኑን እውን ንቤት-ፍርዲ ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም። ብዛዕባ እዚ ጠበቓኹም ክሕግዘኩም እዩ።

ብድሕሪኡ IND ንዝመልከትኩሞ ዕቑባ ኣብ ዝወሰነሉ ግዜ፣ ንሕጊ ኔዘርላንድ ብግቡእ ተኸቲሉ ምዃኑን ዘይምዃኑን እቲ ዳኛ ቤት-ፍርዲ ክምርምሮ እዩ። ንውሳኔ ናይ ቤት-ፍርዲ፣ ኣብ መብዛሕትኡ ኩነታት ኣብ ኔዘርላንድ ኮይንኩም ክትጽበዩ ይቕደልኩም እዩ። እንተኾነ ግን ኣብ ዕጹው ቦታ ኢኹም እትጸንሑ።

**ምምላስ**
እንተድኣ ኣብ ኔዘርላንድ ክትጸንሑ ዘይፍቐደልኩም ኮይኑ፣ ንስኹም ባዕልኹም ካብ ኔዘርላንድ ናይ ምውጻእኩም ሓላፍነት ኣለኩም።
ኣገልግሎት ምምላስን ንቕሎን (Dienst Terugkeer en Vertrek DT&V) ንጉዕዞኹም ኣብ ምድላው ክሕግዘኩም ይኽእል እዩ። ስለዚ ድማ እዩ DT&V፣ እቲ ዘመልከትኩሞ ዕቑባ ድሕሪ ምንጻጉ ምሳኹም ርክብ ዝገብር። ኣብ ውሽጢ እቲ ዝተወሰነ ግዜ ገዛእ-ርእስኹም ክኢልኩም ብወለንታኹም እንተድኣ ዘይተበገስኩም፣ DT&V ካብ ኔዘርላንድ ንኽትወጽኡ ዘገድደኩም ስጉምትታት ክወስድ ይኽእል እዩ። ብዛዕባ ምምላስ ምስ DT&V ኣቓዲምኩም ክትዘራረቡ ትድልዩ ዲኹም? ከምኡ ምስ ዝኸውን ጠበቓኹም ወይ COA ምስ DT&V ከራኽበኩም ይኽእል እዩ። ወይ ድማ ናብ ilc@dtv.minvenj.nl ኢ-መይል ብምልኣኽ ባዕልኹም ርክብ ክትገብሩ ትኽእሉ ኢኹም።

እንተድኣ ብወለንታ ናብ መበቆል ሃገርኩም ክትምለሱ ደሊኹም፣ ምስ DT&V ወይ ኣህጉራዊ ማሕበር ስደተኛታት (Internationale Organisatie voor Migratie IOM) ርክብ ክትገብሩ ትኽእሉ ኢኹም። ብኸመይ ኣብ መርበባት-ሓበሬታታቶም ተጠቒሱ ይርከብ። ኣብኡ ብዛዕባ ምምላስ፣ ከምኡ እውን እንታይ ዓይነት ደገፍ (መሰረታዊ ናይ ምብጋስ ደገፍ ን/ወይ ናይ ዳግመ-ውህደት ደገፍ) ክትረኽቡ ከም እትኽእሉ እውን ሓበሬታ ከተንብቡ ትኽእሉ ኢኹም። ንሳቶም ተግባራዊ ዝኾነ ሓበሬታ ክህብኹምን ኣብ ጉዕዞኹም ክሕግዙኩምን ይኽእሉ እዮም። መብዛሕትኡ ግዜ ኣብ መቐየዲ ማእከል ናብ IOM ክትከዱ ትኽእሉ ኢኹም። ብዛዕባ ክህሉው ዝኽእል ምምላስን ደገፍን ሕቶታት ምስ ዝህልወኩም፣ ንVWN እውን ክትረኽብዎ ትኽእሉ ኢኹም።

## ብተደጋጋሚ ዝሕተቱ ሕቶታት

**ሓፈሻዊ መስርሕ ዕቑባ መዓስ ይጅምር?**
ከም ሓታቲ ዕቑባ ኣብ ፖሊስ ድሕሪ ምምዝጋብኩም፣ ምስ IND ቀዳማይ ዝርርብ ንምግባር ትጽበዩ። እዚ ናይ ምዝገባ ቃለ-መሕትት ተባሂሉ ይጽዋዕ። ብድሕሪኡ ብዛዕባ ሓፈሻዊ መስርሕ ዕቑባ (AA ወይ AA+) ንምድላው፣ እንተወሓደ 6 መዓልታት ግዜ ኣለኩም። ብተግባር ቅድሚ መስርሕ ዕቑባ ምጅማርኩም ንውሕ ዝበለ ግዜ ይወስድ። ኣብ ገሊኦም ኩነታት ናይ ምድላው ግዜ ኣይወሃበኩምን እዩ። ኣብ መዕቆቢ ማእከል ናይ COA፣ ተወሳኺ ቃለ-መሕትት ንኽትገብሩ ዝዕድም ደብዳቤ ካብ IND ክትቕበሉ ኢኹም።

**ካብ IND ውሳኔ ንምርካብ ክንደይ ዝኣክል ግዜ ክጽበይ ኣለኒ?**
እቲ ሓፈሻዊ መስርሕ ዕቑባ መብዛሕትኡ ግዜ 6 (AA) ወይ 9 (AA+) ናይ ስራሕ መዓልትታት ይወስድ። ሓደ ሓደ ግዜ IND ኣብ ውሽጢ እዚ ግዜ ክውስን ኣይክእልን፣ ንኣብነት ኣብ እዋን እቲ መስርሕ ዕቑባ ስለ ዝሓመምኩም። ከምኡ ምስ ዝኸውን፣ IND ነቲ መስርሕ AA ወይ AA+ ብ6 ወይ ካብኡ ንላዕሊ ናይ ስራሕ መዓልታት ከናውሖ ይኽእል እዩ። ኣብያተ-ጽሕፈት IND መብዛሕትኡ ግዜ ቀዳምን ሰንበትን ዕጹዋት እዮም፡ እዚኦም ናይ ስራሕ መዓልትታት ኣይኮኑን። IND፣ ነቲ ዘመልከትኩሞ ዕቑባ ኣብቲ ዝተናውሐ መስርሕ ዕቑባ ንኽመስርሖ ክውስን

እውን ይኽእል እዩ። ስለዚ ብዛዕባ እዚ ዝተናውሐ መስርሕ ዕቊባ ተወሳኺ ሓበሬታ ዘለዎ ካልእ ሓበሬታዊ-ጽሑፍ ክትቕበሉ ኢኹም። IND ካብቲ ዕቊባ ንምርካብ ዘመልከትክምሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ክንደይ ኣዋርሕ ክውስን ከም ዘለዎ ኣብ ሕጊ ተጠቒሱ ይርከብ። እዚ ሕጋዊ ናይ ውሳኔ ገደብ-ግዜ እዩ። እቶም ሕጋዊ ናይ ውሳኔ ገደብ-ግዜታት እንታይ ምዃኖም ኣብ [www.ind.nl/beslistermijnen](http://www.ind.nl/beslistermijnen) ወይ [www.ind.nl/en/decision-periods](http://www.ind.nl/en/decision-periods) ኣንብቡ። ሓደ ሓደ ግዜ እቲ ናይ ውሳኔ ገደብ-ግዜ ክናዋሕ ይኽእል እዩ። እንተኾነ ግን IND ውሳኔ ንምውሳድ ልዕሊ 21 ኣዋርሕ ክገብር ኣይፍቀደሉን እዩ።

IND ኣብ ውሽጢ እቲ ናይ ውሳኔ ገደብ-ግዜ ገና ውሳኔ ኣይሰደደልኩምን ድዩ? ስለዚ ብደብዳቤ ገይርኩም፣ ነቲ ዘመልከትኩሞ ዕቊባ ቀልጢፉ ንኽውስን ንIND ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም። ጠበቓኹም ብዛዕባ እዚ ክሕግዘኩም ይኽእል እዩ።

**ኣነ ታሪኽ ዕቊባይ ንወዲ-ተባዕታይ ወይ ንጓል-ኣንስተይቲ ክነግር እየ ዝመርጽ። እዚ ይከኣል ድዩ?**
እወ፣ ብዛዕባ እዚ ኣብቲ ናይ ምዝገባ ቃለ-መሕትት (= ምስ IND ዝግበር ዝርርብ) ክትሕብሩ ትኽእሉ ኢኹም። ስለዚ IND ኣብ እዋን እቲ ተወሳኺ ቃለ-መሕትት ተባዕታይ ወይ ኣንስተይቲ ሰራሕተኛ፣ ከምኡ እውን ተባዕታይ ወይ ኣንስተይቲ ኣተርጓሚ/ት ከዳሉው ክፍትን እዩ።

**እንተድኣ ሓሚመ ወይ ነፍሰጾር ኮይነ እንታይ ክገብር ኣለኒ?**
እንተድኣ ሓሚምኩም ወይ ነፍሰጾር እንተድኣ ኮይንክን፣ ኣብ እዋን እቲ መርመራ ሕክምናዊ-ምኽሪ፣ ብዛዕባ እዚ ንነርስ ሓብሩ/ራ ('ቅድሚ መስርሕ ዕቊባኹም ምጅማሩ' ዝብል ሓበሬታዊ-ጽሑፍ ተመልከቱ)። ብፍላይ ከምበዓል ዓባይ ሰዓል፣ ዓበቕ/ሓካኪን ወይ ወይቦ B ዝኣመሰሉ ተላባዕቲ ሕማም እንተድኣ ኣለኩም ኮይኑ ወይ ኣለኒ እዩ ኢልኩም ትሓስቡ እንተድኣ ኮይንኩም፣ ብዛዕባ እዚ ክትነግሩ ብተወሳኺ ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። ኹሉ እቲ ንነርስ እትነግርዎ ነገራት ብምስጢራውነት እዩ ዝምስራሕ። እቲ ነርስ ብዛዕባ ጥዕናኹም ዝምልከት ሓበሬታ፣ ብዘይ ናትኩም ፍቓድ ንኻልእ ኣካል ፈጺሙ ኣይህብን እዩ። እንተድኣ ኣብ እዋን መስርሕ ዕቊባ ሓሚምኩም፣ ብዛዕብኡ ንCOA፣ IND ወይ VWN ሓብሩ። ግቡእ (ሕክምናዊ) ሓገዝ ንኽትረኽቡ፣ ንሳቶም ክሕግዝኹም ይኽእሉ እዮም። ኣብቲ ምስ IND ወይ ምስ ጠበቓኹም ዝርርብ እትገብሩሉ ዕለት ሓሚምኩም ዲኹም? ስለዚ COA ብዛዕባ እዚ ንIND ወይ ንጠበቓኹም ንኽሕብር ሕተትዎ።

**ነዚ ሓበሬታዊ-ጽሑፍ ድሕሪ ምንባብኩም ገና ሕቶታት ኣለዉኹም ድዮም?**
ዘለዉኹም ሕቶታት ንጠበቓኹም ወይ ንሓደ ካብ ሰራሕተኛታት ናይ COA፣ IND ወይ VWN ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም።

**ጥርዓን ኣለኩም ድዩ?**
ኩሎም ኣብ መስርሕ ዕቊባ ዝሳተፉ ውድባት፣ ብሞያዊ ውሕልነትን ብትኽክልነትን እዮም ዝሰርሑ። እንተኾነ ግን ብሓደ ውድብ ብግቡእ ኣይተተሓዝኩን ኢልኩም ሓሲብኩም ዲኹም? ስለዚ ጥርዓን ከተእትዉ ትኽእሉ ኢኹም። ጠበቓኹም ወይ VWN ብዛዕባ እዚ ክሕግዘኩም ይኽእል እዩ።

እዚ ሕታም ሓባራዊ ሕታም ናይዞም ዝስዕቡ እዩ፡
Afdeling Vreemdelingenpolitie, Identificatie en Mensenhandel (AVIM)
Nidos
Centraal Orgaan opvang asielzoekers (COA)
Immigratie- en Naturalisatiedienst (IND)
Koninklijke Marechaussee (KMar)
Raad voor Rechtsbijstand (RvR)
VluchtelingenWerk Nederland (VWN)
Internationale Organisatie voor Migratie (IOM)
Dienst Terugkeer en Vertrek (DT&V)

ብዕማም ናይ፣
ሚኒስትሪ ፍትሕን ጸጥታን፣
ክፍሊ ፖሊሲ ፍልሰት
www.rijksoverheid.nl

ካብ ትሕዝቶ ናይዚ ሕታም ዝምንጮው ዝኾነ ይኹን መሰላት ንምርካብ ኣይከኣልን እዩ። እንተድኣ እቲ ትርጉም፣ ፍልልይ ኣተረጓጉማ ናብ ምህላው ኣምሪሑ፣ እቲ ሕታም ቋንቋ ኔዘርላንድ መሪሕ ይኸውን።